ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ جبهة التحرير الارترية
Eritrean Liberation Front

## *መግለጺ ሓዘን ብዕረፍቲ ሰለስተ ሓርበኛታት፡*

*በብሐደ ሰብ ወሐደ ሕጂ ውን ሕድሪ ሰማእታትና ዘይጠለሙ ተባዓት ገዳይም ሐርበኛታት ከሲርና፡ ንኣሕ ሕማም ተወሲኽዎ፡ኣሪግካ ጥራይ ኣይኮነን ዝምወት ታሪኽ  ገዲፍካ ሞት ግን ዓወት እዩ። በዛ ናዓኹም ዘይትበቅዕ ሐጻር ግጥመይ ንዝኽርኹም ኣሰንየ ንደንበ ተቓውሞ ክላቦ፡ እወ መራሕትና ሰኣን ወሲንካ ንህግደፍ በቲ ዝሰምያ ቋንቋ ምዝራብ እዮም ገዳይም ሐርበኛታት ዝተቃለሱሉን ዝደመዩሉን፡ ዕትብቶም ዝተቐበረሉ፡ ሐመድ ዓደቦኦም ሐሪምዎም ኣብ ስደት ዝድፈኑ ዘለዉ እሞ።መለበምን ኣይግበርካ መልለበምን ኣይኽላእካ ልቢ ይሃብኩም መዛረቢ ዝረብሑን ዘይረብሕን ኣይትግበሩና እብል።*

*ሐርበኛ ብጻይ ስለማን ካብ ተበገስካ*
*ኣላህ ይርሐምካ ረቢ ኣብ ጀና ይቀበልካ*



*ሐርበኛ ስለማን ኣደም ስለማን ዶ ክብለካ*
*ገዲም ተቓላሳይ ኤረትራ ንኤረትራዊያን ዝበልካ*
*ንስድራ ቤት ጽንዓት ጥሊ ንምነ ናይ ዕላማ ብጻትካ*
*ንስለማን ኣደም ስለማን ረቢ ኣብ ጀና ይቀበልካ..*

*ብጻት ካብ ፍቓድ ፈጣሪ ዘምልጥ የለን*
*ኣላህ ይርሐምካ ሐርበኛ ኣቡበከር ስለማን*





*ፍትሒ ይንገስ ዝበልኩም ኣብነታዊያን*
*ጀጋኑ ከሲርና ሐርበኛታት ሃገራዊያን*
*ሐሊፍኩም ዶ ከይረኣኹም ናይ ሕርነት ብርሃን..*

*ንብጻቱ ጽንዓት ይሃብኩም*
*ንኣቡበከር ድማ ረቢ ይርሐም*

*ንስድራ ቤት ጠሊ ይግደፈልኩም..*

*ኣሰር ብጻትካ ሲዒብካ በዓል ዓቕሊ*
*ኣላህ ይርሐምካ ዓብዱ ዑመር ዓሊ*




*ሐርበኛ ዓብዱ ዑመር ኣኺላ ዕምሪ*
*ኣብ መትከል ጸኒዑ ዘይጠለመ ሕድሪ*
*ግዜ ንዊሑ ዓብዱ ዑመር ዓሊ*
*ንዓለም ኢልካያ ዶ ደሐን ወዓሊ..*

*ሰንሒተታይ ዓብዱ ዑመር*
*ሰብ ኣይነብርን ዩ ታሪኽ እንበር*
*መዓልቲ ነዊሑ እነና ኣብ ስደት ንቕበር..*

*ንስዉእ ዓብዱ ዑመር ዓሊ ጀና*
*ንስድራ ቤት ጽንዓት ጠሊ ጥዕና*
*ንብል ናይ ዕላማ ብጾትካ ኑኡስና ዓቢና..*

*ዘይውስኑ መራሕቲ ረኺብና*
*ሰኣን ምውሳን በብሐደ ንሐልፍ ኣለና*
*ሕጂ ኸ መርድእ መን ክንሰምዕ ኢና..*

*እዚ ተባዕ ህዝቢ ዘዋሃህዶ ሲኢኑ*
*ወስኑ ኣለዉ ኣሰርኩም ዝስዕቡ ጀጋኑ*
*ወይ ውረዱ ወይ መድሕን ህዝቢ ኩኑ*
*ኣድሕንዎም መንእሰያት ከይተበታተኑ..*

*ንሱዳን ሲዒቡ ንጀጋኑና ዝቐንጸለ በብሐደ*
*ትም ካብ ቀዳማዮም ዳሕረዋዮም ዝገደደ*
*ኢሰያስ ምተፈርደ እንበር ንሱ ዶ ምፈረደ..*

*ለኪሙና ወሰኒ መሪሕ ስለ ዝተሳእነ*
*እንቢ ንምልኪ ኢሉ ንህግደፍ ዝኾነነ*
*ዋዕሮታት ሐርበኛ ኣብ ስደት ተደፊነ*
*ሐደ በዓል ሐሞት ዶ ተሳኢኑ ዝፈዲ ሕነ..*

*ክዋራዘዩልና ብመልሐሶም ጭለ*
*እቲ በረት ተሐንጊጡ ዝተጋደለ*
*ተጋዳላይ ተሐኤ ፍትሒ ይንገስ ዝበለ*
*በብሐደ ኣብ ስደት ይድፈን እነሆለ..*

*ንጃንዳ ህግደፍ ክንዲ ትፈርዱ*
*ኣብ ስግር መረብ ካብ ትዕነዱ*
*ብዝረብሑን ዘይረብሑን ትዋረዱ*
*ወሲ ንኩም ግዳ ባይታ ዘይትወርዱ..*

*ንድኽመታትና ጨፍ ጨፉ ተናኺፈዮ*
*ብማዓልትና ንጉድጓድና ባዕልና ኣለናዮ*
*ብወየ ከሰንዮ ንረቢ ኣምላኽ ዝሐረዮ*
*ንፈላላዪ ካድር መሪሕ ኣይንስዓቦ ንእበዮ..*

*ኢሰያስ ኣብ ዝኣጎዶ ሐዊ ኣይንጉየ*
*ጻዊዒት ንለውጢ ንዝነኣሰ ንዝዓበየ*
*ናይ ሐርነት ተቃለስቲ ያኣኽለና ወየ*
*መድሕን ህዝቢ ክንከውን ንወስን ሃየ..*

*ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ብበርሀ ዑቁባዝጊ ወኪል ተሐኤ ኣብ ሃገር ጀርመን*